ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية الثورية الاريترية

ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT

## ብምኽንያት መበል 57 ዓመት ዝኽሪ ባሕቲ መስከረም፡ ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎና፡ ብሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)፡ ዝተዳለወ ውድባዊ መግለጺ፡

ሎሚ ባሕቲ መስከረም 2018 ዓ.ም. መበል 57 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎና እንዝክረላ ዕለት እያ። እዛ ዕለት'ዚኣ፡ ነቶም ዝኾነ ይኹን ዝኣምኑዎ ምድግጋፍ ናይ ዓለምና ልዕለ ሓያላት ዘይነበሮም፡ ዘበናዊ ኣጽዋር ከይተዓጥቁ፡ ኣብ ህዝቦም ጥራሕ ተኣማሚኖም፡ ምእንቲ ሃገራዊ ነጻነት፡ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያን ዓንገልቶምን፡ ዕጥቃዊ ተጋድሎ ክጅምሩ፡ መስርዕ ሒዞም ናብ ጎቦ ኣዳል ዝደየቡ ጀጋኑ ሓርበኛታትና ብሕልናና ንዝክረላ እያ።

__ዝኸበርኩም ደለይቲ  ዲሞክራስያዊ ለውጢ ህዝብታት ኤርትራ__፡- ኣብ'ዛ ክብርቲ ዕለት'ዚኣ፡ ብውሑዳት ጀጋኑን ተባዓትን ሓርበኛታት ተጋደልትና ዝተፈለመ ብረታዊ ተጋድሎና፡ በብእዋኑ ሰፊሕ ደገፍ እናረኸበ፡ ኣብ ጉዕዞኡ ብውሽጥን ብደገን ዝተፈላለዩ ፈተንቲ መስገደላት እናተሳገረ፡ ብብዝሒ ሰብን ዓቕሚ ኣጽዋርን እናሰሰነ ንቕድሚት ክምርሽ ዝዓገቶ ሓይሊ ኣይነበሮን። እቲ ምኽንያት ንጹርን ዘየወላውልን እዩ። እቶም ኣብ'ዛ ታሪኻዊት ዕለት'ዚኣ ኣብ ጸምጸም በረኻ፡ ሰውራዊ ቁልዒ ዝወለዑ ጀጋኑ፡ ናይ'ቶም ካብ ኣርባዓታት ጀሚሮም፡ ብሰላማዊ ኣገባብ ቃልሲ ምእንቲ ሃገራዊ ነጻነት እናዘመሩ፡ ዝተቓለሱ፣ መስዋእቲ ዝኸፈሉ፣ ዝቐሰሉ፣ ዝተኣሰሩን ናብ ስደት ዝተዳረጉን ሓርበኛታት ወለድና ሽግ ነጻነት ዓቲሮም ዝወፈሩ ብምንባሮም እዩ። ብዘይ ጉርሕን ሽርሕን፡ ንሓቀኛ ነጻነት ህዝቦም ዝወፈሩ ብምንባሮም፡ ድምጾም ኣብ ነብሲ ወከፍ ማይ-ቤት ኤርትራዊ ኳሕኲሑ ኣትዩ፡ ናይ ኣብዝሓ ህዝብታትና ልባዊ ተቐባልነት ዝረኸበ፡ እዋናዊ ሕቶ ብምሕንጋጦም እዩ ነይሩ።

ህዝብታት ኤርትራ፡ ኣብ ዓዲ፣ ኣብ ወጻኢ ይኹን ኣብ በረኻ፡ ኣሰር ጀጋኑኦም ብምስዓብ፡ ቁልዒ ሰውራ ናብ ነበልባል ሓዊ እናተቐየረ፡ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሓይልታት ኢትዮጵያን ኣጆኹም በሃልቲ ልዕለ ሓያላትን እናዳኸመ፡ በብእዋኑ እናተሸምረሩ ክኸዱን፡ ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ዘይተርፍ ስዕረት ተቐቢሎም፡ ካብ ሃገርና መሊኦም ተሓግሒጎም ክወጹ፡ ብተወፋይነትን ብጀግንነትን ዝተጋደሉ፣ ከቢድ መስዋእትን መቕሰልትን ብጽንዓት ሓቦን ዝተጻወሩ፡ ኣብ ነጻ ሃገሮም ካብ ዝነበሮም ኣዝዩ ልዑል ትጽቢት ምንባሩ ካብ ማንም ዝተሰወረ ኣይኮነን። ኣብ ነጻን ልኣላዊትን ሃገሮም፡ ኣብ ትሕቲ ዲሞክራስያዊ ቅዋም፡ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰሎም ክሕሎ፣ ኣብ ፖለቲካዊ ስልጣን ሃገር ኩሎም ዜጋታት ምዕሩይ ተሳትፎ ከረጋግጹ፣ ባዕሎም ብዝመረጹዎ መንግስቲ ክመሓደሩ፣ ኣብ ዘይማእምኡዎም እዋን ድማ፡ ብድምጾም ዝቕይሩዎም ክኾኑ፣ ማሕበረ ቁጠባዊ ሂወቶም ደረጃ ብደረጃ እናተመሓየሸ ብጎደና ምዕባለ ዝምርሹሉ ሃዋሁው ክፍጠር፣ ኣብ ነጻ ቤት-ፍርዲ ጉዳያቶም ብሕግን ፍትሓዊ ኣገባብን ዳንነት ዝረኽቡሉ ስርዓት ክሰፍሕ፡ ኮታስ ኣብ ገዛእ ሃገሮም ሰላምን ቅሳነትን ረኺቦም እፎይ ኢሎም ዝነብሩሉ ጥጡሕ ሃዋሁው ንምፍጣር እዩ ነይሩ። ከምኡ'ውን፡ ከም ሉኣላዊ ህዝብን ሃገርን፡ ምስ ኣሕዋት ጎረባብቲ ሃገራትን ህዝብታትን፡ ማሕበረ-ሰብ ዓለምን መንግስታትን፡ ኣብ ምክብባርን ምድግጋፍን ዝተመስረተ፡ ጥዑይ ዝምድና መስሪቶም፡ ብሰላም ሓቢሮም ክምዕብሉ ካብ ዝነበሮም ዓሚቕ ባህጊ ዝነቅል እዩ ነይሩ።

ህዝብታት ኤርትራ፡ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ፡ ን30 ዓመታት ኣብ ከቢድ ኩናት ተጸሚዶም ክጋደሉ ዝደረኾም፡ ከም ነጻ ሃገርን ህዝብን ጸኒሖም፡ ዘይሓሰቡዎ መግዛእታዊ ጎበጣ ወሪዱዎም፡ ነጻነቶም ዳግም ንምምላስ ዝዓለመ ኣይነበረን፤ ኣብ ጽባሕ ምውጋድ ባዕዳዊ መግዛእቲ መቐረት ነጻነት ከመይ ክኸውን እዩ ዝብል ካብ ክለሳ ሓሳብ ሓሊፉ፡ ብተግባር ዘስተማቐሩዎ ናይ ነጻ ሃገር ተሞኩሮ ኣይነበሮምን፤ ስለዝኾነ'ውን እቶም ኣብ መስርሕ ብረታዊ ተጋድሎና፡ ኣብ ውሽጢ ተጸፍዮም ጭርሖ ነጻነት እናቃልሑ ዝገበሉ በለጸኛታት ቶኺሉ ደቂ ሃገር፡ ኣብ መጻኢት ነጻ ኤርትራ ዘዕርፉዎ ኣሉታዊ ጽልዋ፡ ብንቕሓት ኣለልዮም ካብ ወጋሕትኡ ክከላኸሉዎ ኣይበቕዑን። እቶም ፖለቲካዊ ስልጣን ሃገር ንበይኖም ብሒቶም ክገዝኡ ዝሓለኑ ተበለጽቲ ጉጅለታት ስውራ፡ ሕልምታቶም ገና ካብ በረኻ ጀሚሮም መሰረት እናንጸፉ ክጓዓዙ ጥጡሕ ባይታ ፈጠረሎም። እነሆ ድማ ህዝብታትና ዘይሓሰቡዎ ወደቓ ኣብ ልዕሊኦም ወሪዱ፡ ብጨካን ስርዓተ ምሕደራ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ካብ ህሉዋት ንታሕቲ፡ ካብ ሙዉታት ድማ ንላዕሊ ዝኾነ ሂወት፡ ኣብ'ታ ገዚፍ ኩሉ መዳይ መስዋእቲ ዝኸፈሉላ ነጻን ልኣላዊትን ሃገሮም ከሕልፉ ተገዲዶም ጸኒሖም። ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዜጋታት፡ ሕግን ፍትሕን ተሓሪሙዎም፡ ኣብ ኮንተይነራትን ጎዳጉድን፡ ንዓመታት ብዘይሓታቲ ኩርንኩሪት ተሞቕሒም ጸልማት ናብራ የሕልፉ ኣለዉ፤ ሂወቶም ዝሰኣኑ ድማ፡ ብዘይ ኣውያትን ስሩዕ ሓመድ ድበን፡ ብጸልማት ኣብ ጋህስታት ክቕበሩ ጸኒሖም እዮም። መጻኢ ዕድሎም ጸልማት ኣብ ዝኾነ ሂወት ክሕሸሹ ዘይመረጹ ወገናትና ድማ፡ ዝፈትዉዋ ዓዶም ኩቦ እናደርበዩላ፡ ዶብ ሰጊሮም ናብ ቀረባን ርሑቕን ሃገራት ክስደዱ ጸኒሖም፤ ግዳይ ማእሰርቲን መቕዘፍትን ክኾኑ፡ ምምዝሓቕ ውሽጣዊ ኣካላት ሰብነት ከጋጥሞም ጸኒሑ እዩ። ኮታስ፡ ህዝብታትና ዘይ-ኢዶም ተፈድዮም፤ ካብ መዋእል ባዕዳዊ መግዛእቲ ብዝሓሰመ፡ ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ዝተሳጥሑሉ እዋን ተኸሲቱ ጸኒሑ ኣሎ።

**ዝኸበርኩም ዉጹዓት ህዝብታት ኤርትራን ሓይልታት ተቓውሞን፡-** ሎሚ ዕለት፡ መበል 57 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎና፡ ኣብ ፍሉይን ተኣፋፍን ኩነታት ንዝከራ ምህላውና ትስሕቱዎ ኣይኮነን። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ከም'ቶም ዝሓለፉ 26 ዓመታት፡ እቶም ዝተበገስናሎም ዕላማታት ሰውራና መሊኦም ኣይተዓወቱን ኢልና፡ ንዐኦም ንምምላእ ከም እንጋደል ዳግም ቃል እንኣትወሉ ዕለት ጥራሕ ኣይኮነን። ኣብ ሃገርና ካብ ከባቢ መንፍቕ ዓመተ 2018 ጀሚሩ፡ ንልኣላውነትን ነጻነትን ሃገርና ዝህድድ ሓድሽ ተርእዮ፡ ኣብ ዝተቐላቐሉ ዘሰክፍ እዋን ኮይና ኢና ነብዕላ ዘሎና።

ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ብውሳኔ ኮምሽን ዶብ መሰረት፡ "<u>**ዶብ እንተዘይተመልኪቱ፡ ዘተ ይኹን መስርሕ ምትህድዳእ ክንጅምር ማለት ዘበት እዩ**</u>"፡ ብምባል ነቓጽ መርገጺ ሒዙ፡ ንህዝብታትና፡ ኣብ ኣይ-ሰላም ኣይ-ኩናት ኩነታት፡ ጅሆ ዘሪዑ፡ ንከቢድ ማሕበረ ቁጠባዊ ድቀትን ንዘየቋርጽ ሰፊሕ ዋሕዚ ስደትን ዳሪጉዎም ጸኒሑ እዩ። ብርግጽ ውልቀ መላኺ ኢሳይያስ፡ እዚ መርገጺ'ዚ ክሕዝ እንከሎ፡ ዶብ ብምምልካት፡ ነጻነትን ልኣላውነትን ሃገርና፡ ብዘየሻሙ መንገዲ ክወሓስ ዘብቅዕ እዩ፡ ካብ ዝብል እምነት ፈጺሙ ከምዘይነበረ፡ ዝተሓብአ ምስጢር ኣይነበረን። ኢሳይያስን ብኣጻብዕቲ ዝቑጸሩ መሻርኽቱን፡ እንትርፊ እታ ዝሓዙዋ ፖሎቲካዊ ስልጣን፡ ጉዳይ ነጻነትን ልኣላውነትን ሃገርናን ሂወትን ንብረትን ህዝብታትና ፈጺሙ ከምዘይዓጥም፡ ደጋጊምና ክነተንብህ ጸኒሕና ኢና። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ግን፡ ሓቅታት መኸወሊ ዘይብሎም፡ ኣብ ቅርዓት ፈጢጦም ኣብ ዝረኣዩሉ ወቕቲ ንርከብ።

ብ05 ሰነ 2018 ዓ.ም. ፈጻሚት ኮሚቴ ኢህወደግ፡ "<u>**ጉዳይ ዶብ፡ ብስምምዕ ኣልጀርስን ውሳኔ ኮምሽን ዶብን መሰረት፡ ብዘይ-ቅድመ ኩነት ንምትግባር ድሉዋት ኣሎና**</u>" ዝብል መግለጺ ምስ ኣወጀ፡ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ እቲ ምስ መንግስቲ ኣሜሪካ፣ ሃገራት ስዑድን ኢማራትን ብምስጢር ዝበጽሖ ስምምዕ፡ ዝሕባእ መሲሉዎ፡ ከም ሃንደበት ዝኾኖ ከምስል፡ ንክልተ ሰሙን ኣጽቂጡ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ'ታ ታሪኻዊት መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ዝኾነት 20 ሰነ 2018. ነቲ ብፈጻሚት ኢህወደግ ዝቐረበሉ መጸዋዕታ ተቐቢልናዮ ኣሎና፤ ብዝሰፍሐ ክንዝትየሉ ድማ፡ ሓደ ልኡኽ ናብ ኣዲስ-ኣበባ ክንሰድድ ወሲና ኣሎና ክብል ሰሚዕናዮ።

ኣብ'ዚ ዕለት'ዚ፡ ብምኽንያት ዶብ ኣሳቢቡ፡ ብ12 ግንቦት 1998 ዓ.ም. ነቲ ኣብ ትሕቲ ልኣላዊ ምምሕዳር ኢትዮጵያ ዝጸንሐ ባድመን ከባቢኣን ዝጀመሮ ሃንደበታዊ ወራር፡ ናብ ሙሉእ ከባቢ ዶብ ብምስፍሕፋሕ፡ ንኩሎም ዝቐረቡሉ ሰላማዊ መጸዋዕታታት፡ ብትዕቢት ነጺጉ ዝቐጸሎ ናይ ክልተ ዓመታት ኩናት፡ ኣብ ልዕሊ ሰብኣውን ንዋታውን ዓቕሚ ክልቲኦም ሃገራት ዘውረዶ ዕንወት ከሒዱ፡ ንሰስስተ ስርዓታት ኣሜሪካን መንግስቲ ኢህወደግ(ወያነ)ን ክኸሶምን፡ "<u>**ጸወታ ኣብቂዑ**</u>" ብምባል ከሸካዕልል ኩሉ ዝተኸታተሎ እዩ። ብርግጽ እዚ መርዛም መልእኽቲ'ዚ፡ ንዘላቒ ሰላም ክልቲኦም ጎረባብቲ ሃገራትና ፈጺሙ ዝተዳለወ ከምዘይኮነን፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ኢትዮጵያ ኣትዩ፡ ንኣባላት ውድባት ኢህወደግ ፈላልዩ፡ ምስ ገለ ሸነኻት ተዓራሪኹ፡ ንገሊኦም ድማ ንምድሃኽ፡ ውዲት ፍሒሱ ይዋፈር ምህላዉ ዘመላኽት ምንባሩ፡ ዝሰሓት ኣይነበረን።

ርእሰ ፋሽሽት ኢሳይያስ ዝለኣኾ፡ ብኣቶ ዑስማን ሳልሕ ዝምራሕ ልኡኽ ይኹን፡ ድሕሪኡ'ውን ብባዕሉ ዝተመርሐ ላዕለዋይ ልኡኽ፡ ኣብ'ቲ ቀንዲ መንቀሊ ኣዕናዊ ኩናት ምንባሩ ዝገለጾ ጉዳይ ምምልካት ዶብ፡ ዘካየዶ ዘተን ዝበጽሖ ናይ ኣፈጻጽማ ስምምዕን እንተሃልዩ፡ ንህዝብታትና ዝሓበሮ ነገር የልቦን። እኳ ደኣስ፡ ብተደጋጋሚ ንክብሪ ልኣላውነትን ናጽነትን ህዝብታትናን ሃገርናን ዘራኽሱ መደረታት፡ ኣብ ዝተሳተፈሎም እንግዶታት ሃዋሳን ኣዲስ ኣበባን ክምድር ሰሚዕናዮ ኢና። ገና ኣብ ዶብ፡ መስርሕ ምምልካት ብዘይምጅማሩ፡ ካብ ክልቲኡ ሃገራት፡ ብዓሰርተታ ኣሽሓት ስሩዕ ሰራዊት፡ ዕርዲታት ኹዒቱ ኣብ ሓለዋ ቀጽል እንከሎ፡ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ኤርትራውያን ድማ፡ ካብ መረበቶም ተመዛቢሎም፡ ተቐበልቲ ረዲኤት እናሃለዉ፡ ውልቀ መላኺ ኢሳይያስ፡ ኣብ ቅድሚ ወከልቲ ህዝብታት ደቡብ ኢትዮጵያ፡ "<u>**ኣነ ቃል ዓለም ምዝራብ ኣይፎቱን እየ፤ ሓላፍነት ሂበካ ኣሎኹ፡ ንስኻ ክትመርሓና**</u>" ብምባል ንመራሒ መንግስቲ ኢትዮጵዮ፡ ብኢደወነኑ ቆጽሊ ከንብረሉ ክደናደን ተኸታቲልናዮ ኢና። ኣብ'ዚ ጥራሕ'ውን ኣየብቀዐን፤ "<u>**ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሓደ ህዝቢ እዮም፤ ክልተ ህዝቢ እዮም ዝብል እንተሎ፡ ታሪኽ ዘይፈልጥ ጥራሕ እዩ፤**</u>" ብምባል ክድስኩር'ውን ሰሚዕናዮ። ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዝርከቡ እሙናት ላዕለዎት ካድራት ኢሳይያስ'ውን፡ "**ኣብ'<u>ዚ እዋን'ዚ ጉዳይ ዶብ ካልኣዊ እዩ፤ ብቐዳምነት ዘገድሰና ውሽጣዊ ምርግጋእ ኢትዮጵያ እዩ፡</u>**" ክብሉ ተሰሚዖም እዮም። እዚ ኩሉ ደማሚርካ ክረአ እንከሎ፡ "**እዛ ብርኩታ እምኒ ኣላታ**" ከብለና ግድን ኮይኑ ምህላዉ እንሓብኦ ኣይኮነን።

**ዝኸበርኩም ህዝብታት ኤርትራን ፖሎቲካዊ ሓይልታት ንደሞክራስያዊ ለውጥን፡-** ውሳኔ ፈጻሚት ኢህወደግ ተሓንጊጡ ክወፍር ዝጀመረን፡ ንህዝብታትና ብስራት ሰላም ዘቃልሐ መራሒ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ጉዳይ ምምልካት ዶብ፡ ከም ኣጀማምራኡ ክቕጽል ኣብ ዘይንርእሉ እዋን ንርከብ። ብ07 ሓምለ 2018 ናብ ኣስመራ ኣብ ዝገሸሉ እዋን፡ ብህዝብና ዝረኸቦ ሙዉቕ ኣቀባብላን፡ ንምሸቱ ዝተገበረሉ ናይ ድራር እንግዶትን ተጸምቢሉ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ዝተሰማምዑሎም ኣገደስቲ ነጥብታት ምህላዎም ኣበሲሩ፡ እቲ ንሞትን መቕሰልትን ዓሰርተታት ኣሽሓት መላምል መንእሰያትን ብርሰት ሃብትን ጥሪትን ህዝብታትና፡ ቀንዲ መመሳመሲ ዝኾነ ጉዳይ ዶብ፡ ከም ካልኣዊ ጉዳይ ከም ዝርእዮን፡ "**ንናይ ጽልኢ መንደቕ ብናይ ፍቕሪ ድልድል ክንሰግሮ ኢና**" ብምባል ክሓልፎ ተኸታቲልና። ድሕሪኡ ኣብ ዝሃቦም መግለጺታት'ውን፡ "<u>**ጉዳይ ዶብ ብዝምልከት ኣልዒልና ዝተዘራረብናሉ ኣይኮነን፡**</u>" "<u>**ጉዳይ ዶብ ሃገራትና ኣርቲፊሻል እዩ፤ ካልኣዊ ጉዳይ እዩ**</u>" እናበለ፡ ጎስዩዎ ክሓልፍ እናተኸታተልና መጺና ኢና። ዝተፈላለዩ ትምክሕተኛታት ሓይልታት ኢትዮጵያ ዝግደሱሉን ደጋጊሞም ዘልዕሉዎን ጉዳይ ወደባትና ብዝምልከት፡ ናብ ኣሜሪካ ኣብ ዘካየዶ ዑደት፡ ከም ሕቶ ምስ ቀረበሉ፡ ከም'ቲ ኢህወደግ ካብ ወጋሕትኡ ሒዙዎ ዝመጸ ንጹርን ዘየሻሙን

መርገጺ፡ ኣብ ኣደባባይ ልቡ ነፈሑ ክምልሶ ኣይተራእየን። ስለዝኾነ'ውን፡ ኣብዚ መዳይ'ዚ'ውን "እታ ብርኩታ እምኒ ኣላታ" ዝብል ምስላ ኣበው ክንዝክር ግድን ኣብ ዝኾነሉ ኩነታት ንርከብ።

**ዝኸበርኩም ህዝብታትናን ፖሎቲካዊ ሓይልታት  ተቓውሞ ኤርትራን**፡- ምስ'ዚ ዝምዕብል ዘሎ ሓድሽ ተርእዮ ኣዛሚድና ክንርእዮ ዘሎና፡ ዝምድና ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስን መሪሕነት ህወሓትን እዩ። ኣረጋጊጽና ከምንፈልጦ፡ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን፡ ብዘይዝኾነ ምውልዋል፡ ካብ ወጋሕትኡ "**ሕቶ ህዝቢ ኤርትራ፡ ታሪኻውን ሕጋውን መርተዕታት ዘለዎ ናይ መግዛእቲ ሕቶ እዩ፤ ስለዚ ህዝቢ ኤርትራ ንሃገራዊ ነጻነቱ ዘካይዶ ቃልሲ ንድግፍ**" ዝብል መርገጺ ሒዞም ዝተበገሱ እዮም። ካብ'ዚ ሰረተ እምነት'ዚ ብምብጋስ፡ ሰራዊት ህወሓት ብኣካል፡ ህዝቢ ትግራይ ድማ ብስንቅን ዕጥቅን እናደገፈ፡ ኣብ'ቲ ብ1982 ዓ.ም. ዝተፈነወልና፡ ኣብ ነጻነታዊ ተጋድሎና  ከቢድ ሓደጋ ንምውዳቕ ዝተወጠነ 6ይ-ወራር ፋሽስታዊ ስርዓት ደርጊ፡ ኣብ ጎድኒ ህዝብታት ኤርትራን ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራን ተሰሊፎም፡ ተዋጊኦም፤ ተሰዊኦም፤ ቆሲሎም፤ እቲ ወራር ዘፍ ኢሉ ሕቖኡ ክስበርን ክሰዓርን መተካእታ ዘይብሉ ተርኦም ከምዝተጻወቱ እንርስዖ ኣይኮነን። ብተመሳሳሊ፡ ውድብ ህወሓት ካብ ዕሽሉ ጆሚሩ ዝረኸቦ ደገፍ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ ትግራይን ኣብ ካልኦት ከባቢታት ኢትዮጵያን፡ ወራር ደርጊ ኣብ ምፍሻል ይኹን መሊእካ ኣብ ምቅባጹ፡ ህዝብታት ኤርትራን ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራን ዝተጻወቱዎ ተራ፡ መራሕቲ ህወሓት ይኹኑ ህዝቢ ትግራይ፡ ወትሩ ዓው ኢሎም ዝዛረቡሉን ግቡእ ስፍራ ዝህቡዎ ዘሕብን ታሪኽና እዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ህዝብታት ኤርትራን ህዝባዊ ግንባርን ብሓደ ወገን፡ ህዝቢ ትግራይን ህወሓትን ድማ፡ በቲ ካልእ ወገን፡ ኣብ ሓደ መስርዕ ተሰሊፎም ዝተረማረሙን፡ ጀጋኑ ተጋደልቶም ኣብ ሓደ ጉድጓድ ዝቐበሩ፡ ብደም ዝተጻሕፈ ዘይሃስስ ሓባራዊ ወርቃዊ ናይ ቃልሲ ታሪኽ ከምዘሎዎም ወትሩ ክንርስዖ ዘይብልና እዩ። መሪሕነት ህወሓት፡ ኣብ ሕሉፍ ተሞኩሮ ቃልሱ ዝተፈላለዩ ድኽመታት የርኢ ምንባሩ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ድማ"፡ ንህዝቢ ትግራይ ዘምረረ፡ ባዕሉ'ውን ብቕሉዕ ዝኣመነሉ ድኽመታት'ኳ እንተሃለዉዎ፡ **ኣብ ጉዳይ ናጽነትን ልኣላውነትን ሃገርና ግን፡ ንሓንቲ ካልኢት'ውን ተወላዊሉ ዘይፈልጥ፡ ብሰንኪ'ዚ ተሪር መርገጹ፡ ትማሊ ይኹን ሎሚ፡ ብሓይልታት ትምክሕቲ ኢትዮጵያ፡ ውርደትን ተነጽሎን እናጋጠሞ ዝመጸ፡ እሙን መሓዛ ህዝብታትና ምዃኑ ክንግንዘብ ይህልወና**። እቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ፈጺሙ ዘይቅየር ሓቂ፡ እዚ እናሃለወ፡ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ነዚ ታሪኽ'ዚ ከምዘይነበረ ክሒዱ፡ ንመሪሕነት ህወሓት ከም ቀንዲ ጸላኢኡ ብምስራዕ፡ ምስ ካልኦት ውድባት ኢህወደግን ሓይልታት ትምክሕቲ ኢትዮጵያን ተሻሪኹ፡ ንምድሃኹ ሽርሕታት ክኣልም ንዕዘብ ኣሎና። ጸውዒት ሰላም ተቐቢለዮ እናበለ ብሓደ ወገን፡ ንመሪሕነት ህወሓት ክሽሶን "**ጸወታ ኣብቂዑ እዩ**" ዝብል እዉጅ መግለጺ ምሃቡ  ድማ በቲ ካልእ ወገን፡ ናይ'ቲ ዝነደየ ጸረ ሰላም ባህርያቱ መግለጺ ምዃኑ ኣስሚርናሉ ክንሓልፍ ንደሊ።

**ዝኸበርኩም ህዝብታት ኤርትራን ፖሎቲካዊ ሓይልታት ንዲሞክራስያዊ ለውጥን፡-** ብከቢድ መስዋእቲ ዝተጎናጸፍናዮ ነጻነትን ልኣላውነትን ሃገርና ዓቂብና፡ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ከቢድን ዘይሕለልን ተጋድሎ ኣብ ነካይደሉ ዘሎና እዋን፡ ብርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስን ናይ ደገ ተመሓዘውቱን፡ ከቢድ ሓደጋ የንጸላልወና ምህላዉ  ንዕዘቦ ኣሎና። ዳግም፡ ብካልእ መልክዑ፡ ኣብ ልዕሊ ነጻነትን ልኣላውነትን  ሃገርና፡ ስዉር ሽርሕታት ኣብ ዝእለመሉ እዋን ኢና ንባሕቲ መስከረም ምጅማር ብረታዊ ቃልስና ንዝክራ ዘሎና።

ካብ ውሽጢ ሃገርና፡ ብርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስን ዑሱባቱን፡ ብጎረባብቲ ድማ፡ ኣብ ወደባትና ዓይኖም ኣውዲቖም ኣፍጢጦም ዝጽበዩ ዘለዉ ትምክሕተኛታት ሓይልታት ኢትዮጵያን ለኣኽቶምን፡ ኣብ ነጻነትናን ልኣላውነትናን ዝፍሕሱዎ ዘለዉ ሰራም ውዲት ንከታተሎም ኣሎና። ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ፡ ልኣላውነትናን ነጻነትናን ካብ ኢድና ሞሊቑ፡ ኣብ ኢድ ካልኦት ምስ ወደቐ፡ እንደገና ንምምላሱ ዘሎ ዕድል ዝተሓላለኸን ከቢድ ዋጋ ዘዕድየና ምዃኑ ኣይንስሕቶን። ስለዝኾነ'ውን መላእ ህዝብታት ኤርትራን ፖሎቲካዊ ሓይልታት ተቓውሞን ጥራሕ ዘይኮናስ፡ ምስ መብዛሕትኦም፡ ኣባላት ህግደፍን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ተቖራሪብና፡ ኣብ ሕሉፍ እዋናት ዝጸንሑና ፍልልያትን ካብኡ ዝብገሱ ሕድሕድ ዘይምቅብባልን ሰጊርና፡  ልኣላውነትን ነጻነትን ሃገርና፡ ካብ ስዉርን ሰላሕታውን ጎበጣ ንምድሓን፡ ዓቕምታትና ክንጠምር ይህልወና። ብተወሳኺ ምስ'ቶም ኣብ ነጻነትናን ልኣላውነትናን ዘይሸራረፍ መርገጺ ዘለዎም ዲሞክራስያውያን ሓይልታት ኢትዮጵያን ካልኦት ፈተውትናን ተወሃሂድና፡ ብውሕልነትን ብተወፋይነትን ንምምካት ክንቃለስ ከምዝግባእ፡ ብኣጋጣሚ ባሕቲ መስከረም ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎና መጸዋዕታና ነቕርብ። ውድብና ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)፡ ከም ወትሩ ኣብ ነጻነትን ልኣላውነትን ሃገርና ዘለዎ ዘይዕጸፍ መርገጽ ብምርግጋጽ፡ መልክዓቶም እናቐያየሩ ዝቕልቀሉ ዘለዉ ሽርሕታት፡ ኣብ ጎድኒ ህዝብታት ኤርትራን መሓዙት ፖሎቲካዊ ሓይልታት ንዲሞክራስያዊ ለውጥን ተሰሊፉ፡ ካብ ሱሮም ብምቕላዕ፡ ንምስዓሮም ብቖራጽነት ክቃለስ ድሉው ምህላዉ ኣብ'ዚ ክቡር ዕለት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎና  ባሕቲ መስከረም ደጊሙ የረጋግጽ።

**ባሕቲ መስከረም ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎና ወትሩ ተኸቢራ ትንበር!!**
**ነጻነትን ልኣላውነትን ሃገርና ብምዕቃብ፡ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምምዝጋብ ንቃለስ!!**
**ዝኽርን ክብርን ንኹሎም ሰማእታት ኤርትራ!!**

**ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት፡**
**ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)**
**ባሕቲ መስከረም 2018 ዓ.ም.**